# ANTONIO's RESIGNATATION LETTER




ኣንቶንዮ ተስፋይ (ኣብ ጸጋም ካብ ዘለዉ፡ ድሕሪ ብጸይቲ ኮፍ ኢሉ ዘሎ) ኣብ ጉባኤ ሰ.ዲ.ህ.ኤ. ጨንፈር ቁ. 1፡ ኡፐሳላ፡ ስዊደን፡ 19 ኦጎስት፡ 2017።

<u>ክፋል-1-ኣንቶንዮ</u>

## ናብ ኣቦ መንበር ጨንፈር ቁ 1 ሰዲህኤ ስቶክሆልም

ዝኸበርካ ኣቦ መንበር ጨንፈር ቁ 1 ሰዲህኤ ስቶክሆልም ዶር/ ሃብተሚካኤል ተኽለብርሃን፡ ዝኸበርኩም ሽማግለ ጨንፈር ብመጀመርያ ሰላምታይ ይብጻሕኩም። ብምቅጻል ኣብ ዝሓለፈ ኣዋርሕ፡ ኣብ ሰልፍና ዘጋጠመ ጸገማት ንምእላይ ኣብ ዝተኻየደ ጻዕሪ ውሑድ'ኳ እንተዘይተባህለ ማዕረ'ቲ ዝተኻየደ ድኻምን ጻዕርን ፍርያት ሓድነት ሰልፊ ዝሕለወሉ ኣገባብ ተኻይዱ ዝብል ርእይቶ የብለይን። እዚ ዕግበተይ ኢዩ። ነዚ ጉዳይ ብቀረባ ንምርኣይን ንምዝታይን

ዝገበርክዎ ጻዕሪ'ውን ዘገርም ጉዳይ ሓደ ኣብ ዓመታዊ ጉባኤ ጨንፈር እዩ። ኣብ ዓመታዊ ጉባኤ ጨንፈር ቁ 1፡ ነዚ ብዝምልከት ብመሪሕነት ጨንፈር ዝቀረበ ዛዕባ ወይ ኣጀንዳ፡ ካብ ቀዳማይ ቦታ ኣልጊሱ 3 ግዜ ተቀያይሩ ኣብ መወዳእታ ከኣ ጉባኤ ቅድሚ ምዝዛሙ 45 ደቒቕ ክተርፎ ከሎ ምልዓሉ ብወገነይ ክርእዮ እንከለኹ ነቲ ጉዳይ ከም ውዱእ ተወሲዱ ክንዛተየሉ ዘየተባብዕ፡ በቲ ካልእ ሸነኽ ከም ኣብ ውሳኔ መሪሕነት ብምድራቕን ኣነ ዘይፈልጦ ኣገባብ ዝተዓዘብኩሉ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ነቲ ብሓባር ዝመረጽናዮ መሪሕነት ከም መሪሕነት ነቲ ደጋፊ ውሳኔ ዝኾነ ኣባል ጥራሕ'ዩ። ኣብቲ ሰልፊ'ውን ከምኡ ክዝረብ ምስ ሰማዕኩ ብሓቂ ንመጀመርያ ግዜ ዘስደምምን ዘደንጽውን ምንባሩ ምግላጸይ፡ ከምሰብ ርእይቶይ ዝሃብኩሉ ጥራሕ ዘይኮነ ክሳብ ኣውንታዊ ሓሳብ ንጥርናፈ ዝቃለስ ደገፍ'ውን ዘይጽበየሉ ኣይኮነን። እንተኾነ እቲ መልሲ ተጻይን ክዕጸፍን ክምለስን ዘይከኣል ምንባሩ፡ ንዓይ ሓድሽ ባህሪ ኣብ ቃልሲ ምንባሩ ክሓብኦ ኣይደልን። እዚ ከኣ ከምቲ ኣብ ኣኼባ ዝበልክዎ ኣንጻር ዕግብተይ ክቅጽል፡ ንዓይ ከም ውልቀ ኣብ ሰልፊ'ውን ከም ኣባል ከምዚ ክኸዶ ዝጸንሐ ኮይኑ ቅኑዕ ኮይኑ ስለዘይተሰምዓኒ ኣባልነት ሰዲህኤ ስሒበ ምህላወይ ክገልጽ እፈቱ። እዚ ጠቂሰዮ ዘለኹ ግን መወዳእታ እምበር ኣብ ውሽጢ ሰልፊ ክግበርን ክሰራሕን ዝጸንሐ ብዓኒ ነቀፌታ ዝርእዮ መጀመርያ ኣይኮነን። ከም ሰብ ኩሉ ክጋገ ይኽእል። ከም ሰብ፡ ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ ዝተጋገኽዎ እንተሃለወ ከኣ ይቕሬታ እንዳሓተትኩ መልእኽተይ ኣብዚ ይዓጹ።

ብጻይኩም ኣንቶንዮ ተስፋይ
24 መስከረም 2017
(24 Septmber, 2017)